ሰላምታ ካብ ስድራቤት DeKalb County School District፡

ኵሉ ሰብ፡ ባህ ዘብልን ውሑስን ናይ ጽድያ ዕረፍቲ ኣሕሊፉ ክኸውን ተስፋ እገብር። ኵሉ ሰብ፡ —ብማንዛዊ ወይ ብኣካል— ኣብ ዝውሃብ ትምህርቲ ተሓዲሱ ንኽምለስንን ነዚ ሰመስተር'ዚ ድማ ተጠናኺሩ ንኽውድእ ድሉው ክኸውንን ተስፋ እገብር። ዓመተ-ትምህርቲ 2020-21 ክንዛዝሞ ኣብ እንቀራረበሉ ዘሎና እዋን፡ ኣካዳምያዊ ዓወት ንኽምጽኡ ኣብ ጽኑዕ መሰረት ብቐጻሊ ደልዲሎም ንኽቕሙ፡ ንኹሎም ተማሃሮና፡ መምሃራናን ኣባላት ሰራሕተኛታትን ከተባብዖም እደሊ።

ንዝርጋሔ ቫይረስ ኮቪድ-19 ንምጉዳል እጃምኩም ብቐጻሊ ንኽትገብሩ ንኹልኹም ከዘኻኽር እደሊ። ብኽብረትኩም ማሕበራዊ ምርሕሓቕ ግበሩ፡ መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን ውደዩን ኣእዳውኩም ብቐጻሊ ሕጸቡን ከምኡውን ብማእከላት ቍጽጽርን ምክልኻልን ሕማም (Centers for Disease Control and Prevention) ንእተዋህበ ስትራተጂታት ምክልኻል ሕማም ብቐጻሊ ኽትክተሉ ኣለኩም።

## ዓመተ-ትምህርቲ 2021-2022

ኣውራጃ፡ ንዓመተ-ትምህርቲ 2021-2022 ዝምልከት ውጥን ኣብ ዘውጽኣሉ እዋን፡ ንድሌታት ተማሃሮናን መምሃራናን ኣብ ግምት ነእቱ ኢና። ኣብ ውጽኢት ተማሃሮ ብቐጻሊ ከነተኩርን ኣብ ዝመጽእ ዓመት ንኹሎም ተማሃሮ ብኣካል ንዝውሃብ ናይ 5-መዓልቲ ናይ ምሉእ ግዜ ትምህርቲ ኣመልኪትና ውጥን ከነውጽእን ኣገዳሲ እዩ። FLEX Academy፡ ንተማሃሮ ማእከላይን ካልኣይ ደረጃን ዝምልከት ማንዛዊ ናይ ማዕዶ ትምህርቲ ከም ኣማራጺ ንኽትህብ ዓቕማ ከምእትውስኽ ንገብር ኣሎና። እዚ ዕድል ማንዛዊ ትምህርቲ፡ ከም መቐጸልታ FLEX academy እኳ እንተኾነ፡ ኣብ ገዛ ምስዝውሃብ ነፍስወከፍ ትምህርቲ ምትእስሳር ከምዝህልዎ ኽግበር እዩ።

ብዛዕባ ዓመተ-ትምህርቲ 2021-2022 ዝምልከት ሓሳባትን ርእይቶታትን ካብ ማሕበረ-ኮም DCSD ንምእካብ ንዝግበር ጻዕሪ፡ ካብ 27-29 ሚያዝያ፡ ዘባዊ/ኮማዊ ሓፈሻዊ ኣኼባታት ከነኣንግድ ኢና። መደብ ኣኼባታት፡ ኣብ ታሕቲ ይርከብ።

ኣብዚ ማንዛዊ ኣኼባታት ንኽትሳተፉ፡ ኣብ ዝምልከተኩም ዘባ ጠውቑ።

| ዘባ | ዋና-ኣማሓዳሪ ዘባ | ዕለት | ሰዓት |
|---|---|---|---|
| ዘባ 1 | Mrs. Melanie Pearch | 27-ሚያዝያ | 6:00 |
| ዘባ 2 | Mr. Trenton Arnold | 28-ሚያዝያ | 6:00 |
| ዘባ 3 | Dr. Sean Tartt | 29-ሚያዝያ | 6:00 |
| ዘባ 4 | Dr. Antonette Campbell | 29-ሚያዝያ | 6:00 |
| ዘባ 5 | Dr. Triscilla Weaver | 27-ሚያዝያ | 6:00 |
| ዘባ 6 | Dr. Candace Alexander | 29-ሚያዝያ | 6:00 |
| ዘባ 7 | Dr. Rodney Swanson | 29-ሚያዝያ | 6:00 |

እቲ ኣብ ሚያዝያ ንወለዲ ዝግበር ሓፈሻዊ ኣኼባ፡ ናብ 20 ሚያዝያ ተሰጋጊሩ ከምዘሎ ብኽብረትኩም ተገንዘቡ። ተወሳኺ ሓበሬታ ክስዕብ እዩ።

## ክታበታት

ቦርድ ጥዕና ደካልብ ካውንቲ (DeKalb County Board of Health (DCBOH))፡ ንክታበታት Johnson & Johnson ንግዚኡ ጠጠው ከብሎ ምኺኑን ንPfizerን Modernaን ምሃብ ግን ክቕጽሎ ምኺኑን፡ DeKalb County School District (DCSD) ተሓቢሩ እዩ። እዚ ምውንዛፍ ክታበት፡ ካብ 18-48 ዓመት ዝዕድሚኤን ሽዱሽተ ደቀኣንስትዮ ንዘጋጠመን ዘይልሙድ ሓደገኛ ምርጋእ ደም ንዘካተተ ሓበሬታ ብምምሕዳር ምግብን መድሃኒትን (Food and Drug Administration (FDA) ) ከምኡውን ብማእከላት ቊጽጽርን ምክልኻልን ሕማም (CDC) መርመራ ተገይርሉ ውጽኢት ምስተረኽበ እዩ። ምልክታት ሕማም፡ ድሕሪ ክታበት፡ ኣብ ውሽጢ ሽዱሽተ ክሳዕ 13 መዓልታት ዘጋጠመ እዩ።

ብመሰረት ክፍሊ ህዝባዊ ጥዕና ጆርጅያ (Georgia Department of Public Health (DPH))፡ ካብዘን ሽዱሽተ ሕሙማት ደቀኣንስትዮ ኣብ ጆርጅያ ብውልቂ እተኸተበት የብለንን። ብተወሳኺ፡ ብመሰረት DPH፡ እዚ ጐድናዊ ሳዕቤናት ኣዝዩ ሳሕቲ ዘጋጥም እኳ እንተኾነ፡ እኹል ጥንቃቐ ንምግባር፡ ተመራመርቲ ስነ-ፍልጠት፡ ነዚ ጉዳያት'ዚ ኣመልኪቱ ንእተረኽበ ሓበሬታ ኣብ ዝምርምርሉ ዘለዉ እዋን፡ ንክታበት Johnson & Johnson ንግዚኡ ጠጠው ከምዝብል ኽግበር እዩ።

DCSD፡ ንውሕስነት፡ ጥዕናን ድሕንነትን ሰራሕተኛታትና ይጽዕር። ብዛዕባ ህሉው ስነ-ፍልጠታዊ ሓበሬታ ኣፍልጦ ክህልወኩም ንደሊ። ክታበታት Pfizer ከምኡውን/ወይ Moderna ኣብ እተረኽበሉ እዋን፡ ንሰራሕተኛታትና ንኽንህብ፡ ምስ DCBOH ከምኡውን ካልኦት መሻርኽቲ—Walgreens and Briarcliff Pharmacy—ብቐጻሊ ክንሰርሕ ኢና።

## <u>ኣብ 2021 ቃል-ስንብታን ሰላምታን ዝህቡ ተማሃሮ</u>

ኣብ 2020-2021 ቃል-ስንብታን ሰላምታን ንዝሃቡ ተማሃሮ እንቋዕ ኣሐጐሰኩም ክብል እደሊ። ኣብ ዝሓለፈ 13 ዓመታት ንዝገበርክሙዎ ሓያል ስራሕ፡ እቶም ገዳይም ተማሃሮ ካልኣይ ደረጃ ክረኽብዎ ንዝኸኣሉ ዝለዓለ ክብርታት ሓጋዚ ነይሩ። ብኣኹም ኣዚና ሕቡናት ኢና፣ ኣብ መጻኢ ንእትገብርዎ ዓበይቲ ነገራት ንኽንዕዘብ ድማ ብሃንቀውታ ንጽበ ኣሎና!

| ቤት ትምህርቲ | ቃል-ስንብታ ዝሃበ ተማሃራይ | ሰላምታ ዝሃበ ተማሃራይ |
|---|---|---|
| ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ Arabia Mountain **(Magnet)** | Makayla Johnson | Aderolawe Adeseye |
| ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ Arabia Mountain **(ተቐማጢ)** | Ashanti Lawson | Ajah Hentz-Gilmore |
| ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ Cedar Grove | Etimfon Bassey | Karentyn Jenkins |
| ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ Chamblee Charter **(Magnet)** | Matthew Lombardo | Victor Lim |
| ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ Chamblee Charter **(ተቐማጢ)** | Richard Von Biberstein | Anika Karim<br>Molly Silverman |
| Clarkston High School | Kaylor Le | Selihom Araia |
| ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ Columbia **(Magnet)** | Makiya Walker | Camille Williams |
| ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ Columbia **(ተቐማጢ)** | Chanelle Taylor | Zaniab Saccoh |
| Cross Keys High School | Uriel Cataneda | Jonathan Marquez |
| DeKalb Early College Academy | Nirmala Niraula<br>Moontashir Siam | Thang Huynh |
| DeKalb School of Arts | Willa Grace Pevey | Jamine Yvette Ward<br>Nia Capers |
| ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ Druid Hills | Rohit George | William Wainwright |
| ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ Dunwoody | Megan Vander Wiele | Seung Joo Lee |

| | | |
|---|---|---|
| ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ Lakeside | Katherine Kim | Zakir Ahmedin |
| Lithonia High School | Mercedes Fyffe | Jordan Scott |
| ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ Martin Luther King Jr. | Mariana Vega-Alvarez | Ariel McDowall |
| Miller Grove High School | Aniya Williamson | Gababa Hassan |
| Redan High School | Mahamud Sheikh | Jadah Willis-Davis |
| ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ Ronald E. McNair | Colby Sidwell | Luis Marcial Guzman |
| ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ Southwest DeKalb **(Magnet)** | Danielle Jones | Aniyah Lee |
| ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ Southwest DeKalb **(ተቆማጢ)** | Amisha Martin | Alani Duncan |
| Stephenson High School | Marc Lewis | Mason Howard |
| Stone Mountain High School | Sandy Huynh | Soe Thiha |
| Tapestry Charter School | Kenda Holloway | Vincent Crosby |
| Towers High School | Yesenia Martinez | Morgan Mouzon |
| Tucker High School | Benen Cheney | Sofia Khemani |

**ትምህርቲ ሙዚቃ**




ኣብ ሙዚቃ ብሉጽነት ንኽመጽእ ብተወፋይነት ንዝሰርሑ መምሃራንን ተማሃሮን ሙዚቃ እንቛዕ ኣሐጐሰኩም ክብሎም እደሊ። DeKalb County School District፡ ሓንቲ ካብተን "ኣብ ኣሜሪካ ዝርከባ ብሉጻት ማሕበረ-ኮም ትምህርቲ ሙዚቃ 2021" ኮይና ብሃገራዊ ማሕበር ትካላት ነጋዶ ሙዚቃ (National Association of Music Merchants Foundation (NAMM)) ተመሪጻ ኣላ። እዚ ኽብረ'ዚ እተረኽበሉ ምኽንያት፡ መምሃራንና፡ ኣማሓደርቲ፡ ወለዲ፡ ተማሃሮን መራሕቲ ኮም DeKalb ብሉጽ ደገፍ ስለዝሃቡን ጻዕሪ ስለዘካየዱን እዩ።

እዚ ፕሮግራም ስልማት፡ ነቶም ትምህርቲ ሙዚቃ ኣካል'ቲ ሰፊሕ ትምህርቲ ከምዝኾውን ዝገበሩ መምሃራን፡ ኣማሓደርቲ፡ ወለዲ፡ ተማሃሮን መራሕቲ ኮምን ንዝገበርዎ ብሉጽ ጻዕርታት ኣፍልጦ ዝህብ እዩ። እዚ ሽመት፡ ነተን ኣብ ትምህርቲ ሙዚቃ ፍሉይ ዝኾነ ልዑል ተወፋይነት ንዘርኣያን ተበጻሒነት ከምዝህልዎ ንዝገበራን ኣውራጃታትን ኣብያተ-ትምህርትን ተባሂሉ እተዳለወ እዩ. ሃገራዊ ዳህሳሳዊ መሕተት፡ ኣብ እተመርጸት ነፍስወከፍ ቤት ትምህርቲ ብNAMM ተኻይዱ።

ስለ'ቲ ዝገበርዎ ሓያል ጻዕሪ ድማ ንመምሃራን፡ ተማሃሮ፡ ኣማሕደርቲ፡ ወለድን መራሕቲ ኮምን ኣመስግን!

**<u>ክፍሊታት መቑሸሸ</u>**

ብቑዓት ሰራሕተኛታት፡ ነቲ ብክፍለ-ሃገር ፍቓድ እተዋህበ ክፍሊታት መቑሸሸ ክቕበሉ መታን ክኽእሉ፡ ኣብ ልዕሊ ሰራሕተኛታት DCSD ስለዘርኣይዎ ተወፋይነትን ኣብ ግዜ ዕረፍቲ ስለዝሰርሑን ንክፍልታት ፋይናንስ፡ ሰብኣዊ ጸጋታትን ቴክኖሎጂ ሓበሬታት ከመስግን እደሊ። ከምቲ ኣቐዲመ ዝገለጽክዎ፡ ሰራሕተኛታት፡ ክፍሊታቶም ኣብ ወርሒ ሚያዝያ ንኽቕበሉ ትጽቢት ይግባረሎም። DCSD፡ ንሰራሕተኛታቱን ኣብ ልዕሊ ተማሃሮና ንዝገብርዎ ኣበርክቶን ክብሪ ይህብ እዩ። ንኹላትኩም ናእዳና ንህብ!

**<u>ወርሒ ኣፍልጦ ኦቲዝም</u>**

DCSD፡ ንወርሒ ሚያዝያ 2021፡ ከም ሃገራዊ ወርሒ ኣፍልጦ ኦቲዝም (National Autism Awareness Month) ኣፍልጦ ንኽውሃብ፡ ኣብ መላእ ሃገር ምስ ዝርከባ ስድራቤታትን ውድባትን ትጽንበር ኣላ። እዚ፡ ነቶም ኦቲዝም ዘለዎም ቆልዑን መንእሰያትን ከምኡውን ንዕኦም ዘገልግልዎም ሞያተኛታት ክብሪ ዝህበሉ ዕድል እዩ። ነዞም ፍሉያት ተማሃሮና ክብሪ ንህብ ኣሎና!

ብሉጽ ሰሙን ይኹነልኩም፣ ነቶም ዘብዕልዎ ድማ ርሑስ ረሞዳን እብል!